# በዓል መዓልቲ ስዉኣት ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት

**16.12.2006**




ባሕቲ ታሕሳስ መዓልቲ ስዉኣት ኤርትራ ኰይና ዓመት መጸት ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ትካላቱን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ክትባዓልን ክትዝከርን ካብ ትጅምር ድሮ 19 ዓመታት ኰይኑ እነሆ። ጨንፈር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ከባቢ ፍራንክፎርት ነዚ ውድባዊ ውሳኔ መሰረት ብምግባር ኣብ ዕለት 16 ታሕሳስ 2006 ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ሰፊሕ በዓል መዓልቲ ስዉኣት ኤርትራ ኣዳልዩ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ዝተረኽቦ ብዙሕ ህዝብ ዝተሳተፎ በዓ ል ኣሰላሲሉ።




በዓል መዓልቲ ስዉኣት ኤርትራ ብጻይ ኣፈወርቂ ኣባይን ርእሶም ተስፋማርያምን ብዘቕረብዎ መኽፈቲ ቃልን መግለጺ ጨንፈርን ኢዩ ተኸፊቱ። ብጻይ ርእሶም ኣብ መግለጺኡ፡ ባሕቲ ታሕሳስ መዓልቲ ስዉኣት ኤርትራ �'ኽትከውን ዝተመርጸትሉ ምኽንያት ድሕሪ ምግላጽ፡ ስዉኣትና ንምዝካር ዝግበር ዝተፈላለያ ዓ መታዊ በዓላት እኳ እንተሃለወ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ግን፡ ብቅዋምን ሕግን ሃገር ዝጸድቕ ሓደ መዓልቲ ክህሉ ከምዝግባእን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ከምዘይትጻረሮን ሓቢሩ። ድሕርዚ ዝርዝር መደባት ናይቲ በዓል ቀሪቡ፡ ኩሉ ተሳታፊ በዓል ዝሓዞ ሽማዓ ኣብሪሁ ብወናማት ሙዚቐኛታት ኢዮብ ሃይለን ኣለም ኣሰፋውን (ዕምባባ) ተሰንዩ ናይ ስዉኣት መዝሙዝ ብምዝማርዩ ድምቀት ናይቲ በዓል ዝጀመረ። ስዒቡ ብጻይ ዮናስ ባህታ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ናይቲ መዓልትን መግዛእታውያን ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ኣብ በስክዲራን ዖና ዝፈጸምዎ ኣረሜናዊ ስጉምትታትን፡ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ መደባት ጸላኢ ምንፍሻል ዘካየድዎ መጥቃዕትን፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ስለምንታይ ንባሕቲ ታሕሳስ መዓልቲ ስዉኣት ኤርትራ ክትከውን ከምዝመረጸታን ብሰነድ ዝተሰነየ መግለጺ ኣቕሪቡ።




መደብ መዓልቲ ስዉኣት ኣብ ፍራንክፎርት፡ ሓደ ካብቲ ማሃርን ታሪኽ ሓዘልን ሃብታም በዓልን ዝገብሮ ካልእ ከኣ፡ እቲ ብብጻይ ወልደሱስ ዓማር ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ዝቐረበ፤ ምሉእ ዘይጉዱል ኣብ ኤርትራ ካብ 1967 ክሳብ 1974 መግዛእታውያን ስርዓታት ኢትዮጵያ ብሓዊ ናይ ዝባደምወን ዓድታትን ዝሃለቐ ብዝሒ ህዝብን ጥሪትን ዝገልጽ ብዝርዝብ ምቕራቡ፡ ብሓቂ ንሰማዕንን ንተረኽትን ኣገዳሲ ምድላው ነይሩ። ኤርትራ ንኤርትራውያን ብዝብል ቃልሲ መስዋእቲ ህዝብና ግን ኣብ ኣርባዓታት ከምዝተጀመረን ገለ ካብ ናይ ስዉኣት ተቓልስትን ከኣ ጠቒሱ። ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ፍጻሜታቱን ከኣ ብገለ ባሓትን ጠምዘዝትን ተቐቢሩ ክተርፍ ዘኽእል ከምዘይኮነ ከኣ ኣብቲ በዓል ተራእዩ ኢዩ።

ይቕጽል፡

መቐጽልታ በዓልመዓልቲ ስዉኣት ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት

16.12.2006

በዓል መዓልቲ ስዉኣት ኤርትራ፡ ድሕሪ መግለጺ ኣቦ-መንበር ንጀግንነትን መኸተን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን፡ ነቶም ምእንቲ ነጻነት ሃገሮምን ክብሪ ህዝቦምን ዝወደቁ ኤርትራውያን ብሓፈሻ ብዘመጉስን ዘደንቅን ድርሰታት ክስነ እንከሎ፡ ህሉዋት ተቃለስትን መንእሰያትን ከኣ ብፍላይ ሕድሮም ንኽይጥለምን ንኽይነዋድቐን ዘላዓዕልን ዘተባብዕን ግጥምታትን ንስምዒታት ተሳተፍቲ ዘንሃሃሮን ኢዩ ነይሩ። ገለ ካብቶም ኣብቲ በዓል ዝቐረቡ ድርሰታት ሕድሪ ኣሎኒ ዘርእስቱ ግጥሚ ብብጸይቲ ዝማም ተሰማ፡ እስኪ ሕቶይ መልሱለይ በዛ መዓልትኹም ዘርእስቱ ብሃገራዊት ሄለን ኣብራሃ ተደሪሱ ብሳሙኤል ዝቐረበን፡ ስዉኣትና ክፋል ኣካላትና ብዝብል ከኣ ብመሓሪ ተኽስተ ዝቐረበ ነዊሕን ጠቓምን ድርሰታት ክጥቐሱ ካብዝካኣሉ ኢዮም ነይሮም። ብዘይካዚ ብጻይ ኣፈወርቂ ኣባይን ኢዮብ ሃይለን ብሙዚቃ ኣዋሃሂዶምን ኣሰንዮምን ዘቕረብዎ ድርሰት ንኹሎም ቀዳሞት ስዉኣት ኣቦታትን ጅግንነቶምን ዘዘኻኽርን ንምክትታል ታሪኽ ዝሕግዝን ኣቐራርባ ዝነበሮ ጽሑፍ ቀሪቡ።

ድሕርዚ ናይ ተሳተፍቲ መደብ መልእኽትታት ምትሕልላፍ እቲ በዓል ብምቕጻል ዋላ኿ ሓጺር ግዜ ይኹንበር፡ ኣብ ህልዊ ኩነታት ሃገር ኤርትራን ደምበ ተቃውሞን ዘትኩረ ኣኼበኛታት ክፈልጥዎ ወይ ክሕበርዎ ንዝደልዩ ነገራት ንምብራህ፤ ናይ ሕቶን መልስን መድረኽ ምስ ኣቦ መንበር ውድብ ተኸፊቱ፤ ኣገደስቲ ሕቶታት ካብ ተሳተፍቲ በዓል ክቐርቡ እንከለዉ፡ ብሸነክ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ብጻይ ወልደየሱስ ዓማርን ንጉሰ ጺጋይ ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ኣገደስትን እዋናውያንን መብርሂታት ቀሪቦም ናይ ሓባር ዝርርብ ብምርድዳእ ተደምዲሙ።

ብዘይካዚ በዓል መዓልቲ ስዉኣት፡ ልክዕ ኣብ ዝተመደቦ ግዜ ብዝሓለፈ ናይ ቃልሲ ተመኩሮታት ዝገልጽ ናይ ቪድዮ ምርኢት ብፍላይ ድማ፡ ስዉእ ስዩም ዑቕባሚካኤል ኣብ ዝሐለፉ ፌስቲቫላት ኤርትራ ተረኺቡ ንህዝቢ ካብ ዘቕረቦም መግለጺታትን መደረታትን ዘመልከቱ ምርኢታት ብምቕራብዩ ልክዕ ኣብዝተመደቦ ሰዓትን ደቒቕን ተጀሚሩ ዝተደምደመ።